ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ፖሎቲካዊ ውሳኔታት 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ብዝተፈላለዩ ዓበይትን እዋናውያንን ጭርሖታት ተጸንቢሉ፡ ካብ 21 ክሳብ 25 ሰነ 2013 ተጋቢኡ ብዓወት ተዛዚሙ። 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ዓለማዊ፣ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎም ጽልዋ ብዕምቆትን ብሰፍሓትን ገምገመ። ህሉው ሃገራዊ ኩነታትና ማለት፡- ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ኩነታት ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብዕምቖትን ብስፍሓትን ተመያየጠ። 6ይ-ውድባዊ ጉባኤና ፍሉይ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሎም ኣርእስታት፡-

1. **ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ሓይልታት ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብቐዳምነት ካብ ሓደጋ ብርሰት ብዘተኣማምን ንምድሓን፡ ኣድላይነት፡ ሰፊሕ ሕብረ-ብሄራዊ ግንባር፣ ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ግንባርን ሕቶ ሓድነትን ድማ ብፍላይ፡**
2. **መንእሰያት ኤርትራ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓንን  ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽን ዘለዎም ተራ ንምዕዛዝ ክነካይዶ ዝግባእ ጻዕሪ፡**
3. **ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ክንክተሎ ብዛዕባ ዝግባእ ዝተመረጸ ኣገባብ ቃልሲ፡**
4. **ኩነታት ነባራትን ሓደስትን ስደተኛታት ኤርትራውያንን ዘሕልፉዎ ዘለዉ ዘሰቅቕ ሂወትን ክግበረሎም ብዛዕባ ዝግባእ ቱኽረትን ብዝምልከት እዮም።**

6ይ-ውድባዊ ጉባኤና፡ ብንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ተወከልቲ ጉባኤ ሰደግኤ፣ ኣብ ሙሉእ መስርሕ ጉባኤ ዝተሳተፉ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባት፡- ኤስደለ፣ ደምሓኩኤ፣ ደምሳኤ፣ ሰደተኤን ከምኡ'ውን ወከልቲ ስምረት መንእሰያት ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገርን ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ሙሁራትን እኩብ-ድምር ጻዕሪ፡ ዝሰዕቡ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ሓንጺጹ ንተግባራውነቶም ክጽዕት ወሲኑ። ኣብ መስርሕ ጉባኤና ዝነኣድ ተሳትፎ ካብ ዝገበሩ ወከልቲ፡ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባትን ሙሁራትን ከም ኣማራጺት ሽማግለ ዝመርሑዎ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ምርጫ፡ ማ/ሽማግለን ቁጽጽር ኮምሽንን ተኻይዱ ብዓወት ተዛዚመ።

## <u>ፖሎቲካዊ ውሳኔታት፡-</u>

## 1. ኣብ ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ሓይልታት ተቓውሞ ብዝምልከት፡-

- 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ብቐዳምነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ምድሓን ከም ቀዳማይ ዕላምኡ ዝኣምን፡ መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖታት ምኽባር ከም መርሆ ዝቐበል፡  መንግስቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ሃይማኖት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት መንግስቲ ኢ-ድ-ምትእትታው ዘይፈቅድ(ሰኩላር)፡ ኣብ ንጹር ራእይ ዝተመስረተ ሰፊሕ ሕብረ-ብሄራዊ ግንባር ንምምስራት ክቃለስ ወሲኑ።
- 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰት ምድሓን ከም ቀዳማይ ዕላምኦም ዝተቐበሉ፡ ኣብ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ሓደ ወይ ተመሳሳሊ እምነት ዘለዎም ፖሎቲካዊ ውድባት ዝጠምር: ካብ ሕሉፋት ድኽመታት ግቡእ ትምህርቲ ዝወሰደ፡ ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ግንባር ንምምስራት ክቃለስ ወሲኑ።
- 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰት ምድሓን ከም ቀዳማይ ዕላምኦም ዝተቐበሉ፡ ኣብ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ተመሳሳሊ እምነት ምስ ዘለዎም ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት፡ ናብ ሙሉእ ሓድነት ንምብጻሕ ክቃለስ ወሲኑ።
- 6ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ምስ ኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ብርሰትን ምብትታንን ምድሓን ቀንዲ ማእከሉ ዝገበረ ዕላማ ብዘተኣማምን ንምዕዋት፡ ኣብ እዋናውያን ሕቶታትን ዘላቒ ዕላማታትን ዘለዉዎ ፍልልያት፡ ብስልጡን ኣገባብ ዝመሓደሩሉ መርሆ ክኽተል ወሲኑ።

## 2. ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዝምልከት፡-

2.1. 6ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ እዚ ጽላል'ዚ ናይ ፖሎቲካዊ ሓይልታት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ህዝብን ሓባራዊ ዓውዲ ምኻኑ ብምእማን፡ ንረብሓ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዝጠቅም መቃለሲ ክኸውን፡ ብዘለዎ ዓቕሚ እጃሙ ከበርክት ወሲኑ።

2.2. 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ 2ይ-ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዓወት ንምዝዛም ተጀሚሩ ዘሎ ቅድመ ምድላው፡ ብቕዓት፣ ተሞኩሮን ግቡእ ተዋጽኦን ዝሓለወት ኣሰናዳዊት ሽማግለ ንምቛም ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ብንጥፈት ክዋሳእ ወሲኑ።

## 3. መንእሰያት ኤርትራ ብዝምልከት፡-

3.1. መንእሰያት ኤርትራ ከም ሞተር ለውጢ ሕብረተ-ሰብ መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ብርሰት ንምድሓንን ኣብ ሃገርና ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ዓብይ ተራ ከምዘለዎም ብምእማን፡ ሓድነቶም ዓቂቦም፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ቅድመ-ግንባር ተዋሳእቲ ክኾኑ ውድብና ሰደግኤ ካብኡ ዝጥለብ ከበርክት 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ወሲኑ።

3.2. 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ስምረት መንእሰያት ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፡ ናብ ጉባኤ ክኣቱ ዘካይዶ ዘሎ ቅድመ ምድላው፡ ብጽፈት ክሰላስልን ብቕዓትን ተሞኩሮን ኣዋህሊሉ ጉባኤኡ ብዘተኣማምን ከዐውት ዘካይዶም ዘሎ ንጥፈታት፡ ውድብና ሰደግኤ ደገፉ ከዕዝዝ ወሲኑ።

## 4. ኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት፡-

1. ህሉው ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ሰብኣውን ሞራላውን ኩነታት ህዝብታት ኤርትራ ብዕምቆት ብምግምጋም፡
2. ኣብዝሓ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎም ዓብይ ተራ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡
   - 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣብ ብቑዕ ፖሎቲካውን ውደባውን ስራሓት ዝተመስረተ፡ ብናይ ገጠርን ከተማን ደባይን ፈዳይን ዝተሰነየ ህዝባዊ ዓመጽ፡ ንፋሽስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ንምውጋድ ዝተመረጸ ኣገባብ ምኻኑ ኣሚኑ ክቃለስ ወሲኑ። ኣብ'ቲ ብሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ዝካየድ ህዝባዊ ዓመጽ፡ ኣብዝሓ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከም ኣካል ኣምሳል ህዝብታት ኤርትራን፡ ቀንዲ ካብ ግዳያትን መጠን፡ ኣብ ህዝባዊ ዓመጽ ዕዙዝ ኣበርክቶኡ ከረጋግጽ፡ ሰደግኤ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ወሲኑ።

## 5. ነባራትን ሓደስትን ስደተኛታትን ኤርትራውያን ብዝምልከት፡-

5.1. ብሰንኪ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ዲሞክራስን ባህርያት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ድሕሪ ነጻነት ናብ ዝፈትዉዋ ሃገሮም ተመሊሶም ሂወቶም ዳግም ክሰርዑ ዘይተዓደሉ፡ ከርፋሕ ናብራ ስደት ዘሕልፉ ዘለዉ ኤርትራውያን ወገናትና፡

5.2. ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ህግደፍ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም ከም ሕሱም ተዓፊኑ፣ ፍትሒ ተሓሪሙዎም ከም ግኡዝ ኣቕሓ ክከላበቱ ዝተፈርዱን በብእዋኑ ናብ ዓሚቕ ቁጠባውን ማሕበራውን ውድቀት እናተሸመሙ ብምምጻኦም፡ ዝፈትዉዋ ሃገሮም መርገጺ ስኢኖምላ፡ በብመዓልቱ ብኣዝዩ ዘሰክፍ ኣገባብ ብቃፍላያት ናብ ስደት ዘምርሑ ዘለዉ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡-

- ኣብተን መብዛሕትአን ዝዓረፉለን ሃገራት፡ ዘጋጥሞም ጸገም፡  ውሕስነት ሂወት፣ ዋሕዲ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ፍቃድ ፖሎቲካዊ ዑቕባን፡ መፍትሒ ክረኽቡሉ ምስ ኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታት፣ ሰብኣውያን ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያንን ተወሃሂዱ፡ ምሕጽንትኡን ጥርዓኑን ናብ ዝምልከቶም በብእዋኑ ኣብ ምብጻሕ ዝከኣሎ ክጽዕት ወሲኑ።

- ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ጉዕዞ ስደት ናብ ሱዳን፣ ግብጺ፣ እስራኤልን ሊብያን፡ ከጋጥሞም ዝጸንሐን ዘሎን መጭወይቲ፣ ሰፍ ዘይብል ናይ ገንዘብ ዕዳን ምምዝሓቕ ውሽጣዊ

ኣካላት ሰብነት፣ ንግፍዓዊ ማእሰርትን ዘሰቕቕ ሞትን ዘቃልዑዎም ዘለዉ ሽፋቱ በደዊን፣ መሻርኽቶም ሰበ-ስልጣናት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ልኡኻቶምን ብጽኑዕ ኮነነ። መንግስቲ ሱዳንን መንግስቲ ግብጽን ኣብ ሃገራቶም ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዘሎ ክትገልጾ ዘሰቕቕ ግፍዒ ኣብ ምግታእ ክጽዕቱን፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣሕሊፎም ከይህቡን ተማሕጺኑ። መንግስቲ እስራኤል፡ ኣብ ኢዱ ዘለዉ ስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ካብ ሃገሩ ንምጥራዝ ዘርእዮም ዘሎ ወስታታት፡ ዳግመ-ግምት ገይሩ፡ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ክህቦም ተማሕጺኑ። ማሕበረ-ሰብ ዓለም፣ ሰብኣውያንን ገበርቲ ሰናይን ማሕበራትን መንግስታትን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝወርድ ዘሎ፡ ናይ'ዚ መዋእል'ዚ ዝኸፍአ ገበን ኣብ ምግታእ፡ ክተሓጋገዙ፡ ምስ ኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ግዱሳት ኤርትራውያንን ተወሃሂዱ ክቃለስ ወሲኑ። በዚ ኣጋጣሚ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት፡ እናርኣዩዎ ዝመጹ ሕውነታውን ሰብኣውን ኣተሓሕዛን ክንክንን ልባዊ ምስጋንኡ ገለጸ። ኣብ ሱዳን፣ ግብጺ፣ ሊብያን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝወርዱ ዘሎዉ ዝተፈላለዩ መልክዓት ዘለዎም ጸገማት ኣብ ምቅላል ደገፎም ከበርክቱ ጸወዐ።

## 6. ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ሕገ-ህንጻን ብዝምልከት፡-

- 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣብ ንድፍታት ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ሕገ ህንጻን፡ ሰፊሕን ዓሚቝን ምይይጥ ኣካየደ፤ ኣብ'ቶም ንድፍታት ኣድለይቲ ምትዕርራያት ብምግባር፡ ከም ዓንዲ መቃለሲ ሰነዳቱ ተቐቢሉ ንምዕዋቶም ብዕቱብነትን ተወፋይነትን ክቃለስ ወሰነ።

**6ይ-ውድባዊ ጉባኤ**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
25-ሰነ 2013.
**ኣዲስ-ኣበባ።**